## ሸውዓተ ወተሃደራት ወያነ ናብ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ መጺኦም።

-----------0---------

ሸውዓተ ወተሃደራት ወያነ ንግጉይ ኣመሓድራን ዓሌታዊ ፖሊሲን ናይቲ ስርዓት ብምቕዋም ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት ብሸነኽ ምዕራብ ኤርትራ ናብ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ መጺኦም።

ንሳቶም፡ ካብ ክልል ሸሞንተ፡ ዞን ኣዋሳ፡ ዝተዓሰከረ ኣባል ክፍለ ሰራዊት 37፡ ካልኣይ ብርጌድ፡ ቀዳማይ በጠሎኒ፡ ሳልሳይ ሓይሊ፡ ካልኣይ ጋንታ ወተሃደር ገዛሀኝ ተሜቻ ታሌ ካብ ብሄረ ሲዳማ፤ ካብ ክልል ሰለስተ፡ ዝተዓስከረ ኣባል ክፍለ ሰራዊት 37፡ ቀዳማይ ብርጌድ፡ ሳልሳይ በጠሎኒ፡ ሳልሳይ ሓይሊ፡ ቀዳማይ ጋንታ ወተሃደር በዛብህ ታየ ቸኮል ካብ ብሄረ ኣምሓራ፤ ክልል ኣርባዕተ፡ ዝተዓስከረ ኣባል ክፍለ ሰራዊት 33፡ ሳልሳይ ብርጌድ፡ ሳልሳይ በጠሎኒ፡ ራብዓይ ሓይሊ፡ ካልኣይ ጋንታ ወተሃደር ኣሕመድ መሓመድ ኢብራሂም፡ ካብ ብሄረ ኦሮሞ፤ ከምኡውን ኣባላት ክፍለ ሰራዊት 37፡ ቀዳማይ ብርጌድ፡ ቀዳማይ በጠሎኒ፡ ራብዓይ ሓይሊ ዝነበሩ ሞ ተጠርኒፎም ናብ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዝመጹ፡ ወተሃደር ሓጎስ ተስፋይ ወረታ ካብ ትግራይ፤ ወተሃደር ዳንኤል ፈይሳ ደስታ ካብ ብሄረ ኦሮሞ፤ ወተሃደር ለማ ምንዳ ፈለቀ ካብ ብሄረ ኦሮሞ፤ ወተሃደር ዮናስ ጽጌ ሳሌ ካብ ብሄረ ሲዳማ እዮም።

እቶም ዝመጹ ወተሃደራት ፡ ዋላኳ ስርዓት ወያነ ብኣፉ ሰላም ይብል እንተሎ፡ ብግብሪ ግን ኣብ ቀጻሊ ታዕሊምን ወተሃደራዊ ምድላዋትን ከምዝርከብ ሓቢሮም። ካድራት ወያነ “ሻዕብያ ሎሚ- ጽባሕ ክመጽእ እዩ” ብዝብል ናይ ሓሶት ጎስጓስ ከምዘጨንቕዎምን ከምውጽኢቱ ድማ ናብ ኤርትራ ክመጹ ከምዝመረጹ ኣረጋጊኦም።

*************ኣዜኤ**************